# *ዝኽሪ ሰዉእ ጅግና መጀር ጀነራል ዉጩ ኣብ ከተማ ስያትል*

*ኣብ ከተማ ስያትልን ከባቢኣን እንነብር ኤርትራውያን ዜጋታት፡ በቲ ሃንደበታዊ መሰዋእቲ ብጻይና፡ መጀር ጀነራል ገረዝግሄር ዓንደማርያም (ዉጩ) ዝተሰመዓና ሓበራዊ ሓዘን ንምግላጽ፡ ብሰንበት ፱ መጋቢት ኣብ'ታ፡ መለለይን ሓበን ኤርትራውያንን ኮይና ዘላ፡ ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን፡ ስያትል፡ ሽምዓ (ጥዋፍ) ብምብራህን ነቲ ጉዳይ ዘንጸባርቕ ተግባራት ብምክያድን ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ንዕለተ-መስዋእቲ ክቡር ሓውና መጀር ጀነራል ዉጩ ብድምቀት ዘኪርናያ ኣምሲና።*

*ኣብ'ቲ መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ዓበይቲ ዓድን፡ መናእሰይ ደቅናን፡ ከምኡ'ውን ልኡኻት ኤምባሲ ሃገርና ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰናይ ኣጋጣሚ ዝተጋብአ ዝኽሪ፡ ንናይ ዝሓለፉ ኣርባዓ/ሓምሳ ዓመታት ተዝክሮታት ብምድህሳስ፡ ጅግንነትን፡ ልውህነትን፡ ሙቕልልነትን ኣብነታዊ ሰዉእ ብጻይ ዉጩ፡ ብቕረባ ብዝፈልጥዎን፡ ምስኡ ዝያዳ ሌላ ብዝነበሮምን ብጾት፡ መሳጢ መብርሂታት ተዘሪቡን ተሰሚዑን። ሕመረት ናይ'ቲ ዝበሃል ዝነበረ ተዘክሮታትን መደረታትን ከኣ፡ "ጽዋእ ሞት ንቡርን ዘይተርፍን ኮይኑ፡ ብህይወቱ ከሎ፡ ስለ ሃገርን ስለ ህዝቡን ዘይሕለል ጻዕሪ ዘካየደ ብጻይ ዉጩ፡ ወዮ ደኣ "እልል!" ኢልካ ዘይፋኖ ኮይኑ'ምበር፡ ዝበከዮን ዝሕዘኖን ብጻይ ኣይኮነን። ዝብከዮምሲ እቶም ብህይወቶም ዘተቕብሩ፡ 'ማይ ቀጠነት' ዝዓይነቱ ሙግት እንዳቕረቡ፡ ዘሎን ዘየሎን ዓጀውጀዋት ብምኩምሳዕ ኣንጻር ህዝቦምን ሃገሮምን ብዘይሕንከት ደው ኢሎም ዘለዉ፡ እዮም!*

*እወ፡ ኣብ'ዚ ትማሊ ዘካየድናዮ ዝኽሪ፡ ካብ'ተን ዝሓለፉ ዝኽሪ ሰማእታትና ዝፈልየአን እንተደኣ ኔረን፡ መንእሰያት ስያትል፡ ክሳዕ ከንደይ ሕድሪ ሃገሮምን ህዝቦን ተሰኪሞም፡ ብናታቶም ተበግሶ፡ ነዛ ሃገር "ኣለናልኪ ኤርትራ"! - "ቅሰኑ ኣቦታትናን ኣዴታትናን"! ብማለት ላዕልን ታሕትን፡ የማንን ጸጋምን፡ እንዳተዋናጨፉ፡ ናይ ብሓቂ ንኤርትራውያንን ፈተውቲ ኤርትራን ጸባ ዘስቲ፡ ንጸላእትናን ወይጦታቶምን ከኣ ዕረ ዘልሕስ ውራይ ብምርኣይና፡ "ክላ ደጊምሲ ኤርትራ ኣብ ጽኑዕ ሓድግን ኣብ ነቐ ዘይብል ድርዕን ከምዘላ ዝእምት ተግባራት እንቋዕ ኣርአየና" ዘብል'ዩ ነይሩ።*

*ቀጺሉ ከኣ፡ በዞም ወረስቲ ሕድሪ-ሃገር ዝኾኑ መናእሰያት ደቅና፡ ናይ ብሓቂ ዘሕብን ግጥምታትን፡ ዜማታትን ስለ ዝኽሪ ክቡር ሰዉእ ብጻይና፡ ብውሕሉል ኣገባብ ቀሪቡን ረዚን ተመስጦ ኣትሪፉን።*

*በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ነቶም ነዚ ውራይ'ዚ ብኣንጻባራቒ መልክዕ ንኽሓልፍ ዝደኸሙ ኣወዳትን ኣዋልድን መንእሰያት ዉሉድና፡ "ክብረት ይሃበልና"፡ ከም'ቲ ዘኹራዕኩምናን ዘሐበንኩምናን፡ ብውልዱም ኩርዑን ተሓበኑን! ሃገርኩምን ህዝብኹምን ከኣ በቲ ኣብነታዊ ጻዕርኹም ሕቡናት ምኧኖም ክንገልጸልኩም ንፈቱ።*

*ኣብ'ታ "ጅግና ኣይነብርን'ዩ (መን ከምዝነበሮ፧) ታሪኽ'ምበር"! እትብል ኣምር ተመስሪትና፡ ንነፍሴሄር ሓውናን፡ ኣያናን፡ ኣቦናን፡ ጅግና ሰዉእ ተጋዳላይ ገረዝግሄር፡ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ፡ ንቤተሰቡን ንህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ከኣ ጽንዓት ይሃብ እንዳበልና፡ መብጽዓ ሕሉፋት ተጋደልትና ካብ ምትግባር፡ ፈልከት ከም ዘይንብል ደጊምና ቃልና ነሕድስ።*

*ዘለኣለማዊ ዝኽርን ምገስን ንሰዉኣትና*

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!*